

Kristiansand kommune





ኣሃዱ ምውህሃድ ሕብረተ-ሰብ

# ኣብ ክሪስትያንሳንድ ዝሰፍሩ ስደተኛታት ዝምልከቶም ሓበሬታ

የካቲት 2023

## ኣብ ክሪስትያንሳንድ ምስፋር(Bosetting)

ኣብ ኖርወይ ብቑዕ መንበሪ ፍቓድ ድሕሪ ምርካብካ ቤት-ጽሕፈት ኢምዲ(IMDI) ብዛዕባ ትቕመጠሉ ንኡስ-ዞባ(ኮሙነ) ሓበሬታ ይሰደልካ እዩ።

ኣብ ክሪስትያንሳንድ ክትሰፍር ከለኻ እንታይ እዩ ዝግበር፡

1. መጀመርታ እንቋዕ ብደሓን መጻኻ ዝብል ደብዳቤ ካብ ንኡስ-ዞባ ክሪስትያንሳንድ ይመጸካ፡ ድሕሪኡ ኣብ ክሪስትያንሳንድ ገዛ ባዕልኻ ክትረክብ ክልተ ሳምንታት ይወሃበካ። ኣብቲ ደብዳበ ውን ገዛ ክትረክብ ዝተሓባበረካ ኣካል ስሙ ይጸሓፍ እዩ፡እዚ ሰብ ናትካ ተወካሲ ኣካል እዩ። ባዕልኻ ገዛ ክትረክብ እንተደኣ ዘይክኢልካ ገዛ ክትረክብ ንኡስ-ዞባ ክሕግዘካ እዩ።
2. ገዛ ምስ ረኸብካ ጉጅለ ኣስፈርቲ ምሳኻ ኣኼባ ከካይዱ እዮም፡ሽዑ ከኣ ብዛዕባ እቲ ገዛን ዝቕጽል ጉዕዞን ሓበሬታ ይወሃበካ።
3. እዚ ኣኼባ ምስ ተካየደ ድሕሪ ሓጺር ግዜ ኣብቲ ገዛ ትሰፍረሉ ዕለት መዓስ ከምዝኾነ ዝገልጽ ደብዳበ ክስደደልካ እዩ።
4. ኣብ ሓደ ገዛ ምስ ሰፈርካ ምስ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ናቭ(NAV) ዝሰርሕ ተሓዚ ቁጠባዊ ጉዳያት ክትራኸብ መጸዋዕታ ክስደደልካ እዩ፡ ንሱ ድማ ብዛዕባ ግላዊ ቁጠባኻ ሓበሬታ ክህበካ እዩ።
5. ንስኻን ኣባላት ስድራቤትካን ጥዕናዊ መርመራ ንክግበረልኩም ውን ኣብ ማእከል ጥዕና Gyldengården ክትርከብ መጸዋዕታ ክስደደልካ እዩ።
6. ኣብ ምህሮ ኢንትሮዳክሽን ፕሮግራም ትሳተፍ እንተደኣ ኮይንካ ሓደ ኣማኻሪ ፕሮግራም ብዛዕባ እቲ ፕሮግራም ሓበሬታ ንክህበካ ክውከሰካ እዩ።

**መራኸቢ ሓበሬታ**: Bosettingsteamet ኣብ Kristiansand kommune
**ተለፎን**: 94 15 61 60
**ኣድራሻ**: Kristian IVs gate 26

### ጥዕና

ማእከል ጥዕና Gyldengården ንሓተትቲ ዑቕባ፡ስደተኛታት፡በይኖም ዝመጹ ትሕቲ-ዕድመ፡ብጉዳይ ምትእኽኻብ ስድራ-ቤት ዝመጹን ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝመጹ ስደተኛታትን ቀዋሚ ሓኪም ክሳብ ዝሕዙ ዘገልግሎም ንኡስ-ዞባዊ ማእከል ጥዕና እዩ።

**ኣድራሻ:** Gyldenløves gate 23, 4611 Kristiansand, 2.etasje.
**ተለፎን:** 975 48 416
**ዝኸፈተሉ ሰዓታት:** ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ፡ ሰዓት 09.00 - 15.00
**ሰዓታት ተለፎን:** ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፡ ሰዓት 08.00 - 15.30

HELSE

### ትምህርቲ ኖርወየኛ

ኣብ ንኡስ-ዞባ ክሪስትያንሳንድ ማእከል ቤት-ትምህርቲ እዩ ንትምህርቲ ኖርወየኛ ዝበዝሐ ሓላፍነት ዝስከመሉ። ቤት-ትምህርቲ ሓበሬታ ንክህቡኻ ኣብ ኣኼባ ክትሳተፍ ክጽዕውዑኻ እዮም።

**ተለፎን:** 38 10 78 00
**ኣድራሻ:** Kongsgård allé 20, 4631 Kristiansand

Kongsgård skolest.

Informasjonsguide

ኣብዚ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣሎ

Kristiansand kommune